ኣብ ርእሰ ዋኒኑ ከምዝተገለፀ ቢሮ ጉዳያት ኮሙኒኬሽን ክልል ትግራይ ኣብ በጀት ዓመት 2018 ዓ/ም ብቢሮና ንዝሕተም መቓልሕ ጋዜጣ ዝተወሰና ሕታማት ብግልፂ ጨረታ ከወዳድር ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሚያዝያ 13, 2018 (ቅድሚ 7 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሚያዝያ 26, 2018 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሚያዝያ 27, 2018 9:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ሕትመት ስራሕቲ/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ኣብ ርእሰ ዋኒኑ ከምዝተገለፀ ቢሮ ጉዳያት ኮሙኒኬሽን ክልል ትግራይ ኣብ በጀት ዓመት 2018 ዓ/ም ብቢሮና ንዝሕተም መቓልሕ ጋዜጣ ዝተወሰና ሕታማት ብግልፂ ጨረታ ከወዳድር ይደሊ።

1. ጨ.ቑ ቤ.ፅ.ት.ጉ.ኮ/ሕት - 03/2018 ናይ መቓልሕ ጋዜጣ ሕትመት

በዚ መሰረት ኣብዚ ጨረታ ክትሳተፉ እትደልዩ ተወዳደርቲ እተማልእዎ ሮቑሓ -

1. ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ ቫት ተመዝጋብቲን ናይ መወዳእታ ወርሒ ቫት ሪፖርት መፍለይ ቑፅሪፐኣብ ዝርዝር መቕረብቲ ዝተመዝገቡ ምኻኖም መረዳእታ /መቅረባይነት/ከቅርቡ ዝክእሉን ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ብዝተቀመጠ ዝርዝር መዐቀኒታት ዘማልኡን

2. መኽበሪ ጨረታ፣

➢ መቓልሕ ጋዜጣ ብር 5,000.00/ሓሙሽተ ሽሕ ብር/ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ C.P.O ከትሕዙ ዝኽእሉ

3. ዋጋ ሰነድ ጨረታ፡

ዘይምለስ ብር 100.00/ሓደ ሚኢቲ ብር/ ብምኽፋል ጨረታ ሰነድ ካብ ቤት ፅ/ት ጉዳያት ኮሙዩኒኬሽን ክልል ትግራይ ዳሬክቶሬት ዕደጋን ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቑፅሪ 8 ንተኸታተሊ ካብ ዕለት 12/08/2018 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 26/08 /2018ዓ.ም ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ ጊዜ መፂኹም ምግዛእን ንኡ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ናይ ጨረታ ሰነድ ምእታው ትክእሉ፣

4. ጨረታ ዝዕፀወሉን ዝኽፈተሉን ዕለት -

4.1. ዕለት 26/08/2018 ዓ.ም ስዓት 8:30 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ስዓት 9:00 ተጫረቲ ወይም ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ልዕል ኢሉ ኣብ ዝተጠቀሰ ኣድራሻ ብግልፂ ይኽፈት፣

5. ቢሮና ነቲ ዘውፀኦ ጨረታ ከም ኣድላይነቱ 20% ናይ ምውሳኽ ወይም ናይ ምቕናስ መሰሉ ዝተሓለወ'ዩ፣

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

6. ኣብዚ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ትካል ካብ ዘሸነፎ ጠቅላላ ዋጋ 10% አትሒዙ ውዕሊ ዝኣስርን

7. ስዓራይ ብቲ ዝወፀ ስፐሲፊክሽን መሰረት ፅሬቱ ብዝምልከቶም ኣካላት ምስተረጋገፁ ኣብቲ ዝድለየሉ እዋን ብናይ ባዕሉ ትራንስፖርት ናብ ቤት ፅ/ትና ኣታዊ ይገብር፣

8. እዚ ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሉ ግዜ ጨረታ ካብ ዝተኸፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን15 መዓልቲ ይኸውን።

9. ዝቐርብ ሰነድ ጨረታ ሓደ ኦርጅናልን ኣብ ኩሉ ገፅ ናይቲ ትካል መሓተም ዝዓረፎን ሓደ ኮፒን ይኸውን

10. ቢሮና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብክፋል ይኹን ብሙሉእ እቲ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ'ዩ፣

11.ንዝበለፀ ሓበሬታ፡- ቢሮና ዝርከበሉ ፊትለፊት ኣግኣዚ ባንኪ ጎኒ ዘዮርዳኖስ ሆቴል ስ.ቁ 0344409343 / 0914734003 ወይ 0914766550/ ደዊልካ ምሕታት ይከኣል'ዩ።

ቢሮ ጉዳያት ኮሙኒኬሽን ክልል ትግራይ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle